UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

MEDIA
ADVISORY

# ኣብ ልዕሊ ሰነዳት ምኽባር መሰል ደቂ ሰባት ኤርትራ፡ ዓለም ለኻዊ ወቕታዊ ገምጋም ክግበር እዩ።

**ጀነቫ (2 ግንቦት 2024)-** ሰነዳት መሰል ደቂ ሰባት ኤርትራ፡ ንመሰል ደቂ ሰባት ብዝጣበቐ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ክፍተሽ እዩ። እቲ ኣኼባ ነቲ ስራሕ ብዝተመደበ ሓይሊ ዕማም (working group) ዓለም ለኻዊ ወቕታዊ ገምጋም (ዓወገ) ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ሰኑይ 6 ግንቦት ኣብ ጀነቫ ንራብዓይ ግዜ ዝካየድ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፣ እቲ ኣኼባ እናተኻየደ እንከሎ እቲ ዝቐርብ ገምጋም ሸውንሸው ብኢንተርነት ከመሓላለፍ እዩ። https://webtv.un.org/en/asset/k1n/k1nthdypgm

ካብ 29 ሚያዝያ ክሳብ 10 ግንቦት 2024 ኣብ ዝግበር ኣኼባ፡ ኤርትራ ካብተን ብገምጋሚት ጉጅለ (ሓይሊ ዕላም) ዓወገ ንኽፍተሻ ዝተወሰና 14 ሃገራት ሓንቲ እያ። ዓወገ ብ2009 ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኡ፡ ብ2014 ኣብ ካልኣይ ኣኼባኡ፡ ብ2019 ኣብ ሳልሳይ ኣኼባኡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ግምጋም ኣካይዱ ከምዝነበረ ይፍለጥ። https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/upr/er-index

ፈታሺት ጉጅለ (ሓይሊ ዕማም) ዓወገ ብ47 ሃገራት ኣባላት ጉባኤ ምኽባር መሰል ደቂ ሰባት ዝቖመት እያ። ይኹን እምበር ዝኾነት ሓንቲ ካብተን 193 ኣባላት ሕቡራት መንግስታት ዝኾነት ካልእ ሃገር እውን ኣብቲ ናይ ሃገር ግምገማ ክትሳተፍ ትኽእል እያ።

እቲ ግምገማ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት መሰረት ይገብር፡

1. እታ እትግምገም ሃገር ካብ እትህቦ ጸብጻብ
2. ብዛዕባ እቲ ጉዳይ እኹል ፍልጠት ዘለዎም ንመሰል ደቂ ሰባት ዝጣበቑ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ትካላት ሕቡራት መንግስታትን ካብ ዘውጽኡዎም ጸብጻባት
3. እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ንመሰል ደቂ ሰባት ዝጣበቑ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ትካላት ከምኡ እውን ሲቪላዊ ጉጅለታት ካብ ዘቕርቡዎም ሓበሬታት

ነቲ ኣብ ግንቦት 6 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝካየድ ገምጋም መሰረት ዝኾና ሰለስተ ጸብጻባት **<u>ኣብዚ</u>** https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/upr/er-index ሰፊረን ኣለዋ።

**ቦታ፡** ክፍሊ 20 **Palais des Nations, ጀነባ**

**ግዜን ዕለትን፡ 14፡00- 18፡00 ሰኑይ 6 ግንቦት 2024 ( ግዜ ጀነቫ፡ ኣቆጻጽራ ሰዓት ግሪኒች +2 ወይ GMT+2)**

ዓወገ፡ ንሰነዳት ምኽባር መሰል ደቂ ሰባት ናይ ኩለን 193 ሃገራት ኣባላት ሕቡራት መንግስታት ይምርምር።ኣብ ሚያዝያ 2008 ናይ መጀመርያ ኣኼባኡ ኣካይዱ።ካብዚ ዕለት እዚ ኣትሒዙ ክኣ ንኹለን 193 ኣባላት ሰለስተ ግዜ ገምጊሙወን።ኣብ መበል ራብዓይ ኣኼባ ዓወገ ሃገራት ግበራ ንዝተባህለኦ ምኽሪ ኣብ ግብሪ ምውዓለን ዘይምውዓለንን ሙብርሂ ክህባ ትጽቢት ዝግበር ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፣ ኣብቲ ሃገር ዘሎ ንምዕባለ ምኽባር መሰል ደቂ ሰባት ዝምልከት ብንጹር ክርእያ ይግባእ።

ልኡኽ ኤርትራ ብኣቶ ዮሃንስ ዘርኣይ ግዝያዊ ሓላፊን ቀዳማይ ጸሓፊን፡ ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣብ ጀኒቫ ዝርከባ ኣህጉራውያን ውድባትን ኪምራሕ እዩ

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ገምጋም ክግበር እንከሎ ቃለ ጉባኤ (“troika”) ዝሕዙ ወከልቲ ሰለስተ ሃገራት፡ ናይ ኩወትን ማላዊን ሮማኒያን እዮም።

እቲ ኣኼባ ሸው ንሸው ብኢንተርነትር በዚ ዝስዕብ ይመሓላለፍ፡ https://webtv.un.org/en/asset/k1n/k1nthdypgm

ዝርዝር ኣስማት ናይ'ቶም ተዛረብትን ኤርትራ ኣብ ትግምገመሉ እዋን ዝቐርቡ ሓሳባትን ኣብ **UPR Extranet**
https://uprmeetings.ohchr.org/Sessions/46/Eritrea/Pages/default.aspx

ክጥቅዑ እዮም። እታ ፈታሺት ጉጅለ ዓወገ፡ ነቲ ዓርቢ 10 ግንቦት 2024 ካብ ሰዓት 16፡00 ክሳብ ሰዓት 18፡00 (GMT+2) ኣኼበኛታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝህብዎ ርእይቶ ክተንጸባርቕ ትጽቢት ይግበር። እታ ዝምልከታ ሃገር ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝውሃብ ርእይቶ ሓሳብ ክተቕርብ ትኽእል።

//መውዳእታ//

ንተወሳኺ ሓበሬታን ሕቶታት ሚድያን ብኽብረትኩም ነዞም ዝስዕቡ ተውከሱ፡ Pascal Sim, HRC Media Officer simp@un.org Matthew Brown, HRC Public Information Officer, at matthew.brown@un.org and David Díaz Martín, HRC Public Information Officer at david.diazmartin@un.org.

ብዛዕባ ዓለምለኻዊ ወቕታዊ ገምጋም ብዝበለጸ ንምርዳእ www.ohchr.org/en/hr-bodies/upr/upr-main

ተመልከቱ

ንጉባኤ ምኽባር መሰል ደቂ ሰባት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ **ፈይስቡክ**፥ **ትዊተር**፥ **ዩትዩብ**፥ **ኢንስታግራም** ተኸታተሉና

**UN Human Rights Council, follow us on social media:**
**Facebook** | **Twitter** | **YouTube** | **Instagram**